## IS IT INSULTING OUR INTELLIGENCE OR DISHONEST PERSONALITY

## ንቅሓትና ምጽራፍ ድዩስ ወስላት ሰብነት

ኣቶም ህዝቢ ኤሪትራን ህዝቢ ኢትዮጲያን ገለ ሒደት ሓቅታት ካብቲ ብዙሕ፣ ስኑድ መርያታት ዝፈልጦም እንታይ ድዮም ዝመስሉ?

“ፈታው ህ/ኤሪትራ ቀ/ሚ መለስ” ኣብ ጉምበት 13/1998 ብኣብትሕቲ ሓላፍነቱ ብዝነበረ ባይቶ ኺናት ኣብ ልዕሊ ኤሪትራ ዝኣወጀ።

“ፈታው ህ/ኤሪትራ ቀ/ሚ መለስ” ኣብ ሰነ 4/1998 ብቃሉ ናይ ሩዋንዳን ኣመሪካን ናይ ሰላም እማመ ተቀቢልና ዝበለ፣ ግን ከኣ ንሓይልታት ምክልካል ኢቶዮጲያ ስጉምቲ ክወስዱ ትእዛዝ ዘመሓላለፈ።

“ፈታው ህ/ኤሪትራ ቀ/ሚ መለስ” ኣብ ሰነ 12/1998 ብኣዋጅ ልዕሊ 70.000 ኤሪትራውያን ቆልዓ ሰበይቲ ካብ ዝተወልዱሉን ዝዓበይሉን ሃገር ንኤሪትራ ዝሰጎገ፣

“ፈታው ህ/ኤሪትራ ቀ/ሚ መለስ” ብዛዕባ እዚ ኣብ ሓምለ 9/1998 ተሓቲቱ ዝኾነ ወጻእተና ኤሪትራዊ ይኩን ጃፓናዊ ሕብሪ ዓይንካ ጸሊአናዮ ውጻእ እንተተባሂሉ ክወጽእ ኣለዎ ዝበለ።

ኣብ ዝሓለፈ ሒደት ዓመታት ሕብሪ ዓይኒ ህዝቢ ኤሪትራ ኣይተቀየረን።እንታይ ድኣ ተረክበ፣

“ፈታው ህ/ኤሪትራ ቀ/ሚ መለስ” ብኣብትሕቲ ሓላፍነቱ ዝነበረ ሰራዊት መቃብር ሓርበናታት ኤሪትራ ክፈሓር ዓገብ ዘይበለ መራሒ፣

“ፈታው ህ/ኤሪትራ ቀ/ሚ መለስ” ኩሉ ሓሊፉ ብናይ መወዳእታን ቀያድን ብይን ክቅየድ ኢሉ ኣብ ቅድሚ መላእ ዓለም ክታሙ ዘንበረ፣ ቀያዲ ብይን ምስተዋህበ ድማ ነቲ ልዕሊ 100000 ኢትዮጲያውያንን ኣስታት 19000 ኤሪትራውያን ሂወት ዝቀዘፈ ደረት ዘይብሉ ሕማቅ ስምዒት ኣብ ክልቲኡ ህዝብታት ዝገደፈ ውግእ፣ ተዐዊትና ብምባል ፈንጠዝያ ዝገበረ።

“ፈታው ህ/ኤሪትራ ቀ/ሚ መለስ” ንዓወቱ ናይ ርጉጽነት መልክዕ ንምርኣይ ኣብ ቅድሚ ህዝበይ ዝብሎ መንግስቲ ኤሪትራ በዚ ብይን እንተዘይ ተቀይዱ ምሳና ጥራይ ኣይኮነን ዝራጸም ኣውሓስቲ ናይዚ ብይን ዓለማዊ ውድባትን ሃገራትን(ኣሜሪካ) ስለ ዘለዋ ምስኤን ክራጸም እዩ ዝበለ መራሒ።

“ፈታው ህ/ኤሪትራ ቀ/ሚ መለስ” ድሕሪ እዚ ኩሉ ዘረባ ነቲ ናይ መጨረሻን ቀያድን ብይን ዝነጸገ መራሒ።

“ፈታው ህ/ኤሪትራ ቀ/ሚ መለስ” ጽንሕ ኢሉ ድማ ብመትከል እኮ ተቀቢልናዮ ኢና ግን ልክዕ ኣብቲ ዶብ በተክርስቲያን ምስ ታቦታ ስለ ዘላ ኣብ ክልተ ከይትቁረጽ ቅድም ንዛተ ኢና ንብል ዘለና ዝበለ መራሒ።

ሕጂ ድማ ኣነ ጸገም የብለይን ናይ ዶብ ሕቶ ሽግር ኣይኮነን ጥራይ ሰላም የምጻልና እንበር ብዘይ ውዓል ሕደር ንፍርሞ ይብል ኣሎ፣ ንመማቅርቲ ድማ ቅድም ውን ናጽነት ኤሪትራ ምስ ተባህለ ብሓጎስና ኢና ተቀቢልናዮ ዝበለ መራሒ። ግደ ሓቂ ግን ኤሪትራውያን ናጽነት ምውሳዶም ጥራይ ኣይኮነን ንቀ/ሚ የጕሱዎ፣ ኣብታንኪ ጽዒኖም ኣዲስ ኣበባ ብመታው ነዚ ሒዝዎ ዘሎ ቦታ ከምዝሕዝ ምግባሮም ዝተሰምየ ሓጎስ ክጠቅሶ ኣይመረጸን ሓኒኩዶኮን?

“ፈታው ህ/ኤሪትራ ቀ/ሚ መለስ” በቲ ሓደ ገጽ ናይ ኤሪትራ ጉዳይ ናይ ኤሪትራውያን እዩ መንግስቲ ኤሪትራ ንምእላይ ግን ንጡፍ ተራ ክንጻወት ኢና ብዲፕሎማስያዊን ካልእ መገድን ይብል ኣሎ። ብዛዕባ እዚ ልኡላውነት ኤሪትራ ክትንክፍ ዝመርጽ ኣይመስለንን ኣብ ዝኾነ ጫፍ ይሃሉ ኤሪትራዊ ብከመይ ከምዝምልሶን እንታይ ዓይነት ሓይሊ ከምዝትስን ስለዝፈልጥ።

ኣብ ውሽጢ እዚ ዝሓለፈ 14 ዓመት ቆጺርካ ዝይውዳእ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ናይ ውስልትና

ሰብነት (PERSONALITY) ኢና ሪና ካብ ቀዳማይ ሚኒስተር። አዚ ድማ ይትረፍ ካብ መራሒ ሃገር አየ ዝብል ካብ ሓደ ተራ ሰብ ውን ሓሶት አንተተደጋጊሙ ኣብ ባህልና ነውሪ አዩ። ዝኮነ ዝተጸገመ ሰብ ካብ ዝኣተዎ ጉድጉድ ንምውጻእ አታ ቀዳመይቲ ዝገብራ ንታሕቲ ምኩዓት አዩ ዘቕርጽ። ቀ/ሚ ድማ ንታሕቲ ገጽ አዩ ዝኩዕት ዘሎ።
አቲ መገዲ ቀሊል አዩ አምነት ናይ ክልቲኡ ህዝብታት ክነድቅ አንተንቂሉ ነቲ ልዕሊ 100000 ሂወት ዝቀዘፈ ኣብቅድሚ አዞም ህዝብታትን ዓለምን ዝፈረሞ ይተግብሮ። አዚ ሓደ መሳልል ናይ አምነት አዩ። ነዚ ኣወንዚፍካ ኣብ ድርኩኪት ኤሪትራ ሓደ አግርካ ረጊጽካ ሰላም አደልይ አየ አንተበለ ቀ/ሚ አንታይ ትርጉም ይወሃቦ። ክከውን ድማ መለስ አዚ ኣብላዕሊ ዝረኣናዮ ብመምርሒን ምክርን ናይ ካልኦት ዝከይድ፣ አቲ ዘሕዝን ድቃስ ምስኣን ናይ ቴኑዚያ ድዩ ናይ ግብጺ ወይውን የመን ክከውን ይክአልዶ? ናይ ህዝቢ ኢትዮጲያ ምንቅስቃስን ኣተሓሳስባን ኣቃልቦ ምጥምዛዝከ? ወይውን ቁጠባ ኤሪትራ ናይ ዕብየት ተስፋ ስለዝተጋህደ ኣውፈርቲ ንምኩላፍ ሓሳድ ኣተሓሳስባ ዘንቀሎ፣ አቲ ሕቶታት ብዙሕ አዩ።

ተመን ዝርኣየ ብልሕጺ ተዳህለ አዩ ወግሐ ጸብሐ ካብ ሕማቅ ሕልሚ ተበራቢርካ ኤሪትራ አያ ትገብር ዘላ ኮይኑ ነገሩ።

ኣብ መጨረሻ መንደቅ ሓሶት ብሓቀና ቀዳማይ ግብራዊ ስጉምቲ አያ ትፈርስ ከም ውጺት ድማ አምነት ክስረት ይጅምር።
አናሻዕ ሓሶት ዝጠዜ ሕጡብ ምጭራሕ ግን ኣብ መጨረሻ ዑና ኮይኑ አዩ ዝጸቅጠካ።

ምሕረትኣብ ተድላ